# ሰንበት ዘክረምት

## ሰነ 30 2016 ዓ.ም.(7/7/2024)

### ንቃል ኣምላኽ ሰሚዕካ ምኽኣል

**መዝሙር** ዘክረምት፡ ደምፀ እገሪሁ ለዝናም... ዝናም የድምጽ እሞ እንክዘንም ጥሙያት ይጸግቡ፥ ድኻታት ይሕጎሱ... ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዓ ዝናም ድምጹ የስምዕ።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 15፡33-51፥ ያዕ. 5፡16-ፍ፥ ግ.ሓ. 27፡11-21፥ ሉቃ 8፡1-22

**ምስባክ፡** ዘይገለብቦ ለሰማይ በደመና ወያስተዴሉ ክረምተ ለምድር፥ ዘያበቊል ሣዕረ ውስተ አድባር። ንሰማይ ብደመና የጎልብቦ፥ ንምድሪ ዝናም የሰናድወላ፥ ኣብ ጎቦታት ሣዕሪ የብቁል። መዝ. 147፡8።

ናይ ኩሉ ምንጪ ኣምላኽ እዩ፥ ዝርኣን ዘይርኣን ዝፈጠረ ኣምላኽ ንኣና ንደቂ ሰብ ክጠቅም ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ከከም ኣድላይነቱ ይህበና። ኩሉ ዝተዋህበና ክነፍሪ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክንጥቀም እዩ ስለዚ ንኹሉ ዝሃበ ኣምላኽ ክነመስግኖ ይግብኣና። ማይ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኣብ ሕይወት ወዲ ሰብ ጠቓሚ እዩ፥ ሰውነትና ዝበዝሐ ትሕዝትኡ ማይ እዩ፥ ማይ ድሕሪ ዘየለ ሕይወት የለን፥ ኣብ ጸማኢ ቦታ ዘለዉ ናይ ማይ ጥቕሚ ልዕሊ ኩሉ ይርድእዎ። ኣብ እምነትና ማይ ናይ ምንጻሕ ምልክት እዩ፥ ኣብ ጥምቀት፥ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብማይ ጸሎት ነገራት ነንጽሕ፥ ኣብ ቅዳሴ ኣብ ወይኒ ማይ ንሕውስ፥ ካህን ናይ ምንጻሕ ምልክት ብማይ ይሕጸብ፥ ስለዚ ማይ ፍሉይ እዩ። ጊዜ ክረምቲ እምብኣር ነዚን ካልእን ቀንዲ ነገራት ኣብ ሕይወት ወዲሰብ ዝሓዘ እዩ።

ካብ 25 ሰነ ክሳብ ቁርቆስ 19 ሓምለ ዘሎ መዝሙር ዘዘርእ፥ ዘደመና፥ ዘጊሜ ክረምት ተባሂሉ ይስመ እዚ ኸኣ መምስቲ ጊዚኡ ክሰማማዕ እሞ ኣብኡ ተመስሪትና መንፈሳዊ ጥቕሚ ክንረኽበሉ ንማለት እዩ። ናይ ሎሚ ሰንበት ዘክረምት ይብሃል።

ክረምቲ ሓደ ካብቲ ፍሉይ ክፍለ ዓመት ንደቂ ሰባት ፍሉይ ጥቕምን ምስ መንፈሳዊ ሕይወቶም ኣዛሚዶም ትርጉም ክህብዎ ዝሕግዝ ፍሉይ ጊዜ እዩ። ክረምቲ ኩሉ ፍጡር ሰብ እንስሳ ኣታኽልቲ ሳዕሪ መሮር ኮታስ ኩሉ ዝሕደሰሉ ወቕቲ እዩ። ሓዲስ ተኽሊ ዝበቘለሉ እንስሳ ብኣየት ዓቢረን ክሰብሓሉ ዝጅምራሉ መረት ሓጋይ ነሩ ቆጽላይ መሲሉ ንኽትርእዮ ደስ ዘብለካ ዝኾነሉ ወድሰብ ምሉእ ተስፋ ረኺቡ ዝዘርኣሉ እዋን ስለ ዝኾነ ናይ ተስፋ ጊዜ እዩ። ዳርጋ ኩሉ ፍጡር ዝሕጎሰሉ እዋን እዩ። ደቂሰብ ምሉእ እምነት ኣብ ኣምላኽ ዝገብረሉ ጊዜ እዩ። ንኹሉ ኣብ ኢድ ኣምላኽ የንብርዎ። ዝናም እንተ ደንጎየ ኣደታት ኣቦታት ይምህለሉ እንተ በርትዐ እውን ኣብ ኣምላኽ ይምህለሉ ንቆልዑት ከይተረፈ ተማህለሉ ኣምላኽ ዓቕምና ክህበና እናበልና እንልምነሉ ጊዜ እዩ። ነዚ ኣብ ኣምላኽ ቀሪብና እንልምነሉ እዋን ክንጥቀመሉ እሞ ንኣኡ ዘሓጉስ ተግባር ክህልወና ክንጽዕር ክነስተንትን እዋኑ እዩ።

ናይ ሎሚ መዝሙር ምስቲ ኣብ ክራማት ዝርእ ነገራት ኣተሓሒዙ ህያባት ኣምላኽ ይገልጸልና። ኣብ ሃገረሰብ ዝዓበና ፍሉይ ጣዕሚ ክራማት ይርድኣና እንተ በልኩ ዝተጋነነ ኣይመስለንን። ኣብ ጊዜ ክራማት ኩሉ ሓምላይ ኮይኑ ክትርእዮ ንልቢ ዝማርኽ እንስሳ ክጸግባ ሰብ ብተስፋ ዘራእቱ ክርኢ ፍሉይ እዩ። ደመና ክደባኖ ምድረ ሰማይ ጸልሚቱ ነጎዳን በርቅን ክስማዕ እንከሎ ኣብ በረኻ ዝውዓለ ዓዲ ገጹ ይኣቱ ኣብ ጻህያይን ሓለዋን ዝወዓለ ኣብታ መዕቆቢት ገዝኡ ኮይኑ ብሓንሳብ ንኣና ዝኸውን ሃበና እናበለ ጸሎት ዝግበረሉ ፍሉይ እዋን እዩ። ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት እውን ክረምቲ ፍሉይ እምነት ዝግለጸሉ እዋን እዩ። ንኣምላኽ ዝልመነሉ ኩሉ ካብ ኣምላኽ ምኳኑ ተኣሚንሉ ንሰማይ ቋሕ እናበልካ ኣቕልለልና ዓቕምና ሃበና እናበልና ንጽልየሉ ጊዜ እዩ፥

ከምኡ ዝዘራእናዮ ክፈርየልና ብተስፋን እምነትን ኣብ ኣምላኽ ገርና እንጽልየሉ፥ ምስ ኣምላኽ ቅሩብ ርክብ እንገብረሉ እዋን እዩ።

ወንጌል ሉቃስ ምስ እዚ ወቕቲ ዝሰማማዕ ይነግረና። እዚ ኣብ ማር 4፡3-8፥ ማቴ 13፡4-8 እውን ክነንብቦ ንኽእል ኢና። እዚ ናይ ሉቃስ ወንጌል ብብዙሕ መገዲ እኳ ክንትርጉሞ ዝክኣል እንተኾነ እቲ ኣብ ኈልቅ 11-15 ዘሎ ነቲ ቀዳሞት ክርስትያን ነዚ ምስሌ ዝሃብዎ ትርጉም ይነግረና።

እቲ ዘርኢ ቃል ኣምላኽ ኮይኑ ኣብ ልቢ ደቂ ሰብ ምስሓደረ ፍረ ከፍሪ ዝድለ እዩ። እቲ ዘፍሪ መሬት ኣምሳል ልቢ ደቂ ሰብ እዩ። እንተ ኾነ ብዝተፈላለየ ምኽንያት እቲ ዝተዘርአ ይኹን እቲ መሬት ከምቲ ዝድለ ዘየፍሪ ኣሎ። ወንጌል ነዚ ክገልጽ እንከሎ ገሊኡ ጨራሩ በሊዐንኦ፥ ገሊኡ ኣብ ትሕቲ ገረብ በቝሉ ፀሓይ ስለ ዘይረኸበ፥ ገሊኡ ኣብ ሕማቕ መሬት ተዘሪኡ፥ በዚ ከፍሪ ኣይከኣለን ይብለና። ፍረ ብባህጊ ጥራሕ ኣይመጽእን እዩ፥ ኩሉ እቲ ንኽፈሪ ዘድሊ ነገራት ክቐረብ ኣልኦ ድሕሪኡ ኣብ ኣምላኽ ንሓድጎ።

ኣብ ኈልቅ 13-15 ዘሎ ነቶም ዝሰምዕዎ ከም ዘርኢ እምበር ከምቲ መረት ገሩ ኣየቕርቦምን በዚ ምኽንያት ከአ ኢየሱስ ነርድእቱ ናይ እቲ ምሳሌ ዓሚቕ ምስጢርን ትርጉምን ክርድኡ ይደልዮም። ድላይ ኢየሱስ ዝረአዩ ሓዋርያት ኣብኡ ካብቶም ሕዝቢ ቅርብ ኢሎም ንብሕቱ ምስጢር ናይ እዚ ምሳሌ ክነግሮም ሓቲቶሞ። ኣብ ኢሳያስ 6፡9 ዘሎ እናጠቐሰ ምፍላጥ ምስጢራት መንግስቲ ኣምላኽ ንኣኻትኩም እዩ ተዋሂቡ ዘሎ፥ ንኻልኦት ግና እናረአዩ ምእንቲ ኸይርእዩ እናሰምዑውን ከየስተውዕሉስ ብምስላ ተዛረቦም እናበለ ትርጉም ናይ እቲ ምሳሌን ንሶም ከም ኣርድእቱ ክኾንዎ ዝግብኦም ክኽተልዎ ዝደልዩ መገድን ሕይወትን ኣብሪሁ ኣስተምሂርዎም። ነቲ ንሱ ዘስተምህሮም ሰሚዖም ኣብ ፍረ ከብጽሑ እዩ ድላዩ።

እዚ ኢየሱስ ዘቕረቦ ምሳሌ እቲ ቃል ኣምላኽ ኣብ ልቢ ብዙሓት ከም ዝዝራእ እሞ ፍረ ክህልዎ ድላይ ኣምላኽ ከምዝኾነ ምሕሳብ የድሊ። ነዚ ኣብ ግብሪ ክነውዕል ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ክንገብር ይግባእ፡

- ዝኣክል ምስንዳው የድሊ። ከምቲ መሬት ከፍሪ ምስንዳው እንገብረሉ ቃል ኣምላኽ ኣባና ሓዲሩ ፍረ ክህልዎ ልብና ክነጽሕ፥ ሕራይ ኢልና ክንቅበል፥ ጽን ኢልና ሰማዕቲ ክንከውን ኣሎና። ከይተሰናዶኻ ምቕራብ ጫውጫውታ ኣብ ዝበዝሓሉ ቃል ኣምላኽ ክትሰምዕ ከቢድ እዩ። ነዚ ሎሚ ዝተነበና ወንጌል ክንደናይ ሰሚዕናዮ እሞ ተረዲኡና ኣሎ፥ ካህን ክሰብኽ እንከሎ ክንደይ ካባና ነቲ ዝብሃል ይሰምዕዎ፥ ዝገርም እዩ ብዙሕ ጊዜ ሎሚ ስክብከት ጽቡቕ ነሩ ይብሉኻ እንታይ ኢለ እንተ በልካዮም ግን ሓንቲ ክብሉ ዘይክእሉ ኣለዉ። እሞ ንቃል ኣምላኽ ቅድሚ ምስምዑ ክንሰምዖ ዘኽእለና ባይታ ክነጣጥሕ ይግብኣና። ከምቲ መረት ከፍሪ ድኹዒ ምኹስኳስ ከምኡ ምጽጋእ ምሕላው ዘድልዮ ቃል ኣምላኽ ኣባና ሓዲሩ ፍረ ክህልዎ ኸአ ንዝሓለፈ ሕይወትና ኃጢአትና ክንሳሕ፥ እቕረ ክንብሃሃል፥ ኣብ ልብና ዘሎ ዝኾነ ካብ ኣምላኽ ዘርሕቅ ክንኣሊ የድልየና። ከይተሰናዶኻ ምምጻእ ክንሰምዕ ኣየኽእለናን እዩ።
- ንእትሰምዖ ቃል ኣለሊኻ ምኽኣል። ብዙሕ ዓይነት ቃል ወይ ድምጺ እዩ ዝስማዕ ኣብ ዓለምና። ሰይጣን እውን ዘስምዖ ቃል ኣልኦ እዩ። ብሕሱኽታ ይኹን ብዝስማዕን ብዝርአን ዝተነግረና ቃል ክነስተውዕለሉ ኣድላዪ እዩ። ንብዙሓት ሎሚ ቃል ኣምላኽ ዝመስል ግን ካብ ሓቅን ሕይወትን ዘርሕቖም ቃል ሰሚዖም ካብ እምነቶምን ወገኖምን ዝረሓቑ ኣለዉ። እቲ እትሰምዖ ቃል ካበይ ከምዝወጽእ ዘሎ ክተለሊ ክትፈልጥ ኣድላዪ እዩ። ቃል ኣምላኽ ካብ ቅ. መጽሓፍ፥ ካብ ትምህርቲ ቤተ ክርስትያንን ኢና እንረኽበ። ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ንኣኹም ዝሰምዐ ንኣይ ሰምዐ ኢልዎም እዩ። ቃል ኣምላኽ

ክተስምዓና ሓላፍነት ዝተዋህባ ቤተ ክርስትያን እያ። አብዚ እዋና ቃል አምላኽ አነ ከም ዝደልዮ እየ ዝሰምዖ ኢሎም ንግጉይ ድምጺ ሰሚዖም ዝጠፍኡ ውሑዳት አይኮኑን ስለዚ ንእትሰምዖ ድምጺ አለሊኻ ምኽአል አድላዪ እዩ ንኢየሱስ አብ ምስዓብ።

- **ምስማዕ ጥራሕ እኹሉ አይኮነን፥** ነቲ ዝሰማዕናዮ አብ ልብና ክነሕድሮ አሎና። ነቲ ዝሰማዕናዮ አብ ልብና ክነሕድሮ ቀለብ ነፍሲ ኮይኑ መንፈሳዊ ሓይሊ ክኾነና አለዎ። ቃል አምላኽ አብ ልቢ ወዲ ሰብ ክሓድር እንተ ኸአለ ሽዑ እዩ ምሕዳስን ምቕያርን ዝመጽእ። ነቲ ዝሰማዕካዮ አብ ግብሪ ክትነብሮ እንከሎኻ ጥራሕ እዩ ምሉእ ሓጎስ ዝህበካ። አብ ዓለም ወረ ዘውርዩ ሰባት ነቲ ወረ ይነግርዎ እምበር ሕይወቶም አይትንክፎምን እዩ። አብ ናይ አምላኽ ነገር ከምኡ አይኮነን እቲ እትዛረቦ መጀመርያ ንስኻ ክትነብሮ የድሊ። ነቲ ዝሰማዕካዮ ንስለ ምስማዕ ጥራሕ ዘይኮነ አብ ልብኻ ሓዲሩ ለውጢ ከርኢ አለዎ። እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ ይብለና አሎ። ሰማዕትን ተግበርትን ኮና ክነብር እንከሎና ዓለምናን ሕይወትና ክቕየር እዩ።
- **ንኽይንሰምዕ ዝኽልክለና አሊና ክንክእል አሎና።** አብ ከውሊ ዘሎ ክሰምዕ ቀሊል አይኮነን። ሎሚ ከዋሊና በዚሑ እዩ። ባዕልና ብእንፈጥሮን ብኻልእ ዝመጸና ከይንሰምዕ ከዊልና ነቲ ጎዳኢና ድምፂ እናሰማዕና እንነብር ውሑዳት አይኮናን። አብ ግብሪ እንርእዮ ዘሎና ንቓል አምላኽ ከይንሰምዕ እሞ አብ ፍረ ከይነብጽሖ ዝዓግተና ብዙሕ እዩ። ካብ ድኹም ሥጋና ጀሚርና እንነብሮ ዓለምን ንብረቱን ብዓቢኡ ኸአ አቦ ሓሶት ዝኾነ ድያብሎስ ንቃል አምላኽ ከይንሰምዕ ዓንቀፍትና እዮም። አዳምን ሔዋንን ንቃል አምላኽ ምስማዕ ምስ አበዩ አብዚ ኹሉ መከራ አውሪዶምና። ሰይጣን በቲ ዝደልይዎ ፈቲንዎም። ዮናስ ነብይ ነቲ አምላኽ አብ ሰብ ንነዌ ከድካ ድሕነት ስበኽሎም ንዝበሎ ቃል አምላኽ ምስማዕ ምስ አበየ አብ ክንደይ መከራን ሽግርን ከምዝበጽሐ ቅ. መጽሓፍ ይነግረና። ሎሚ ንቃል አምላኽ ከይንሰምዕ ዝዓግተና እንታይ አሎ ኢልና ክንሓትት ጠቓሚ እዩ። ብዙሓት እነቕርቦ ምኽንያት እንተ ረአና ናይ ብሓቂ ዘጉሂ እዩ። ንቃል አምላኽ ከይሰምዕ ዓጊቱኒ ዘሎ እንታይ እዩ ኢልና ንነፍስና ንሕተት።
- **ግላዊ ድልየት አበይ ገጹ ከምዘምርሕ ዘሎ ርኢኻ ምኽአል።** ድለትናን ስምዒትናን አብ ድሕነት ርእስና ዓቢ ተራ አልኦ። ሰብ ዝጉዓዞን ዝኽተሎ መገዲ ክሳብ ክርኢ ዘይክአለ ንቃል አምላኽ ክሰምዕ የጸግሞ እዩ። ብፍጥረትና ድኽመት አሎና ዝንባሌ አሎና ስለዚ ሓለዋ ርእስና ክንገብር ግድን እዩ። ልብና ስምዒትና መንፈስና ርኢና ክንክእል ከሎና ጥራሕ ኢና ነቲ ሓቅን ሕይወትን መገድን ዝኾነ ኢየሱስ እንስዕብ።

ቃል አምላኽ ክንሰምዕ እዩ ናይ ሎሚ ወንጌል ዘስተምህረና። እቲ አብ ልብና ዝተዘርአ ቃል አምላኽ ከከም ዓቕሙ ከፍሪ እንከሎ ጥራሕ እዩ አብ ሕይወትና ትርጉም ዝህልዎ። አብ አፍደገ ልብና ኮይኑ ክፈቱለይ ቃለይ ከስምዓኩም ይብለና አሎ መድኃኔ ዓለም። ንኽይትሰምዕ ከዊሉካ ዘሎ ምቕንጣጥ የድሊ። አብ ልብና ጠቢቁ አይለቅቕን ኢሉ ንዘሎ ድኹም መንፈስ ሎሚ ክንስዕሮ የድሊ።

ሰሚዕካ ክትቅየር ኩላትና አብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ከም እንፈልጦ ቀሊል አይኮነን። ጸጋ አምላኽ የድልየና ስለዚ ንአምላኽ ክሰምዓካ ሓግዘኒ ንበሎ። አምላኽ ቃሉ ብብዙሕ መገዲ እዩ ዘሰምዓና ነሕዋትና ልኢኹ መልእኽቱ ይሰደልና፥ አብ ገለ እዋን ከአ በቲ ዝጓነፈና ነገራት ቃሉ የስምዕና። ነቲ ዝመጸካ መልእኽቲ ነቲ ዝተገልጸካ ርኢኻ ምኽአል የድሊ። ሎሚ እንታይ መልእክቲ አምላኽ መጺኡኒ አሎ ኢልና ክንሓትት እንተ ኸአልና አብ ሕይወትና ተሓድሶ ሰላም ፍቕሪ ሕድገት ክነግስ እዩ።

ርሑስ ክራማት ገሩ ዝዘራእናዮ የፍርየልና፥ እንሰምዖ ቃል አምላኽ አብ ልብና ሓዲሩ ከምቲ አምላኽ ዝደልዮ እነፍሪ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ